# ሓበሬታ ተሓካሚ

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ
Kyleena®. ዘጨንቑኹም ሕቶታትኩምን ክምልሰልኩም ከምዝኽእል ነተስፉ።

## Kyleena® እንታይ እዩ?

Kyleena® ናብ ማህፀን ዝኣቱ መሰርሒ ኮይኑ ናይ ሆርሞን ፍረ መድሓኒት ተተሓሒዙ ብ T ቅርፂ ካብ ፕላስቲክ ዝተሰረሐ ምችው መሰርሒ እዩ። እዚ መሳርሕ እዚ 28 ሚሊሜትር ስፍሓትን 30 ሚሊሜትር ንውሓትን እንትህልዎ ብመእተዊ ተሓጊዙ ናብ ውሽጢ ማህፀን ይኣቱ።

Kyleena® ዝነኣሰን 5 ዓመት ኣብ ዕዳጋ ዝፀነሐን ትሑት ናይ ፕሮጀስቲን ሆርሞን ዝሓዘን እዩ። መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ናብ ማህፀን ውሽጢ የእትዎ። እዚ ድማ ካብ ዘየድሊ ጥንሲ ይከላኸል። ምስጋና ነቲ ትሑት መጠን ዘለዎ ሌቮኖርገስትረል ይኹን፤ ፕሮጀስቲን (ብማእኸላይ 9 ፕሮግራማት ኣብ 24 ሰዓት) ኣብ ውሽጢ ማህፀን ብምኺን ዓመት መዓልታዊ፣ ሰሙናዊን ወርሓውን ብምባል ከይሓሰብክን ንኻ ይፀንሕ።

## Kyleena® ከመይ ይሰርሕ?

Kyleena® ኣብ ማህፀን እንትኣቱ ትሑት መጠን ሌቮኖርገስትረል፣ ፕሮጀስቲን ብምስዳድ ብተኸታታሊ ብሰለስተ መንገዲ ካብ ጥንሲ ይከላኸል።

1.Kyleena® ሰርቪካል ሞኮስ ብምሕፋስ ምንቅስቓስ ስፐርም ይግድብ።

2.Kyleena® ዕብየት ኢንዶሜትርያል ነፍሳት የጥቅዕ። እቲ መምበራን ቀጢንን ዝደኸመን ይኸውን።

3.እቲ መሳርሒ ኣብ ውሽጢ ማህፀን ስፐርም ጥቕሚ ንኽይህልዎን ይገብር። ምንቅስቓስ ስፐርም ዝተገደበ እንትኸውን ጥንሲ እውን ኣይፍጠርን።

## Kyleena® ክንድምንታይ ውፅኢታዊ እዩ?

Kyleena® ናብ ማህፀን ካብ ዝኣተወሉ ዕለት ኣትሒዙ 99% ጥንሲ ብምክልኻል ውፅኢታዊ ካብ ዝኾኑ መከላኸሊ ጥንሲ ሓደ እዩ። Kyleena® ክሳብ 5 ዓመት የገልግል።

## ናይ ሆርሞን ፕሮጀስትሮን ስራሕ እንታይ እዩ?

Kyleena® ብዋናነት ኣብ ውሽጢ ማህፀን ብምኺን የገልግል። ኣብ ማህፀን ፕሮጀስቲን ብምስዳድ ትሑት መጠን ናብ ደም ክሓልፍ ይገብር። ኣብ ምክልኻል ጥንሲ ሌቮኖርገስትረል መብዛሕትኡ እዋን ዝጥቀም ፕሮጀስቲን እዩ። Kyleena® ኣብ መብዛሕትአን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ጥንሲ ፅዕንቶ ኣይፈጥርን። እዚ ማለት ድማ ተፈጥሯዊ ምስራሕ ኦስትሮጅን ብኦቫሪስ ይስተኻኸል ማለት እዩ። ኣብ ፅዕንቶታት Kyleena®

ዝበለፀ ሓበሬታ እንተደሊኹም ኣብዚ በራሪ ወረቐትን ዝተተሓሓዘ ጥማርን ረኣዩ።

## ምስ Kyleena® ዝተተሓሓዘ ክሪ እንታይ እዩ?

ምስ Kyleena® ዝተተሓሓዘ ክሪ ንመዋለዲት ወይድማ ሓኪም ኣብ እዋን ምውፃእ ዝሕግዝ እዩ። መዋለዲት ወይድማ ሓኪም እቲ ክሪ ኣብ ቦትኡ ምስኣተወ እንታይ ከምዝስመዐክን ክነገርከን እዮም።
እቲ ክሪ ኣብ ውሽጢ ማህፀንክን ከምዘሎ ብምርግጋፅ Kyleena® ብኣግባቡ ይከላኸል ከምዘሎ ምርግጋፅ ይከኣል እዩ። ብዛዕባ እቲ ክሪ ካሊእ ሕቶ እንተሃልዩክን ንመዋለዲት ወይድማ ሓኪም ሕተታ።

## Kyleena እዞም ዝስዕቡ ነገራት እንተሃልዮም ከይጥቀማ

- እንድሕር ጠኒስክን (“ጥንሲ፣ ምጥቧብን ወሊድን” ዝብል ክፍሊ ረኣያ)
- እንድሕር ሕብጠት ፐልቪክ (ኣብ ውሽጢ ፆታዊ ኣካላት ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጠር ረኽሲ) ወይድማ ተመሳሳሊ ነገር ነይሩክን እንድሕር ኮይኑ።
- ኣብ ፆታዊ ኣካላት ንምፍጣር ረኽሲ ናይ ምግላፅ ዓቕሚ ዝለዓለ እንተኾይኑ።
- ረኽሲ ኣብ ታሕተዋይ ብልዕቲ፤ ንኣብነት ረኽሲ ኣብ ብልዕቲ።
- ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምውላድ፣ ጥንሲ ምስዳድ ወይድማ ጥንሲ ምኻድ ዝተፈጠረ ረኽሲ እንተነይሩ።
- ናይ ማህፀን ካንሰር ለውጥታት
- ኣብ ማህፀን ካንሰር እነተሃልዩክን ወይድማ ትጠራጠራ እንተኾይንክን
- ንሆርሞን ፕሮጀስቲን ተጋለፅቲ ዝኾኑ ሕብጠታት እነተሃልዮም፤ ንኣብነት ናይ ጡብ ካንሰር
- ካብ ማህፀን ምፍሳስ ደም እንተሃልዩ
- ብዛዕባ ማህፀን ዝተጋገየ መረዳእታ ሚዮማስ ሓዊሱ (ሕብጠታት ኣብ ጭዋዳታት ብልዕቲ) ዓምዲ ብልዕቲ ፅዕንቶ ዝፈጥር እንድሕር ኮይኑ።
- ሕማም ጉበት ወይድማ ሕብጠት ጉበት እንድሕር ሃልዩ
- ንሌቮኖርገስትረል ወይድማ ምስኡ ዝተተሓሓዘ ነገር ኣለርጂ እንተኾይንክን (ዝተተሓሓዙ ነገራት ኣብ ክፍሊ 6 ኣለዉ)

# ናይ መጀመርታ ሰሙናት ምስ Kyleena®

Kyleena® ቅድሚ ናብ ማህፀን ምእታውክን ኣገድስቲ ሓበሬታታት

## Kyleena® ከመይ ይኣቱ?

Kyleena® ንምጥቃም ምስ ወሰንክን ኣብ ካልኣይ እዋን ርክብ ምስ መዋለዲት ወይድማ ሓኪምክን ክተእትዋ ትኽእላ ኢኽን። Kyleena® ኣካል ጂኖሎጂካል መመርመሪ ተዓፃፂፊ ቱቦ ብምጥቃም ይኣቱ።
Kyleena® ምስ ኣተወ እቲ ክሪ ብቑመት 2 -3 ሴንቲሜትር ይቑጽ

## ድሕሪ ምእታው ብቐጥታ እንታይ ትፅቢት ክገብር?

መብዛሕትአን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ምእታው ቀሊል ኮይኑ ይረኽበኦ፣ ኮይኑ ግን ውሑዳት ደቂ ኣንስትዮ ቃንዛ ወይድማ ምድንዛዝ ስምዒት ይስመዐን። ከቢድ ቀየቋርፅ ቃንዛ ንዝተወሰነ ሰሙናት እንድሕር ተሰሚዑክን ብቕልጡፍ ሓኪምክን ወይድማ መዋለዲት ኣዘራርባ።

## Kyleena® ብኽንድምንታይ ፍጥነት ካብ ጥንሲ ክከላኸል ይኽእል?

Kyleena® እንድሕር ኣእቲኽን ወርሓዊ ፅግያ ኣብ ዝረኣኽናሉ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ Kyleena® ንቐፃሊ 5 ዓመት ካብ ጥንሲ ይከላኸል። Kyleena® ኣብ እዋን ወርሓዊ ፅግያ እንድሕር ኣእቲኽን ንተወሳኺ ጥንቃቐ ኣብ መጀመርታ 7 መዓልቲታት ኮንዶም ተጠቐማ።

ምስ Kyleena® መዓልታዊ፣ ሰሙናውን ወርሓውን መከላኸሊ ጥንሲ ኣይትሓስባን።

# ናይ መጀመርታ ወርሒ ምስ Kyleena®

Kyleena® ቅድሚ ናብ ማህፀን ምእታውክን ኣገድስቲ ሓበሬታታት

## መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ክረክብ ዝግበአኒ ካልኦት ምኽንያታት ኣለዉ'ዶ?

**ካብዞም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ እንድሕር ኣጋጢሞም ሓኪም ወይድማ መዋለዲት ርኸባ።**

- ድሕሪ ምእታውክን ከቢድ ምፍሳስ ደምን ቃንዛን ንቐፃሊ 5 ሰሙናት እንድሕር ቀፂሉ።
- ጥንሲ ተፈጢሩ ይኸውን እዩ ኢልክን እንድሕር ትጥርጥራ
- ተኸታታሊ ዘይስሩዕ ቃንዛ እንድሕር ተሰሚዑክን።
- ኣብ እዋን ፆታዊ ርክብ ንስኽን ወይድማ መጻምንድኽን ምቾት ዘይስመዖ እንተኾይኑ።
- ኣብ ከይዲ ምድማይ ለውጢ እንተሃለዩ፤(ንእሽተይ መድማይ ወይድማ ፈፂሙ ዘይምድማይ፤ ደሓር ከቢድን ቀዋምን እንተኾይኑ)
- ካልኦት ሕክምናዊ ፀገማት (ንኣብነት ከቢድ ሕማም ርእሲ፣ ድንገተኛ ናይ ምርኣይ ፀገም፣ ጃንቸር ወይድማ ልዑል ናይ ደም ድፍኢት)

# ብዛዕባ Kyleena® ካልኦት ምናልባት ክትፈልጠኦ ዝግበአከን

## Kyleena® ከመይ ገይሩ ኣብ ናይ ምድማይ ስርዓተይ ፅዕንቶ ከሕድር ይኽእል? በብወርሑ ናይ ምድማይ ክህልወኒ ድዩ?

ብመንፅር ምድማይን ንውሓት መዓልትን ወርሓዊ ፅግያኽን ቅልል ዝበለ ክኸውን እዩ፤ ድሕሪ Kyleena® ምእታውክን ኣብ 3-6 ኣዋርሕ ዝተረሓሓቐ ወይድማ ቅልል ዝበለ ምድማይ ከጋጥመክን እዩ። ኣብዚ እዋን ሓደ ሓደ ደቂ ኣንስትዮ ነዊሕን ከቢድን መድመይቲ ከጋጥመን ይኽእል፤ ኮይኑ ግን በቢመዓልቱ ይደምያ ማለት ኣይኮነን። ናይ ምድማይ ኩነታትክን ክትምዝግባ ንመክር። እዚ ድማ እቲ ዘሎ ለውጥን ዕብየትን ምርኣይ ይሕግዝ። (ኣብ መወዳእታ እዚ በራሪ ወረቐት ናይ ምድማይ ካላንደር ኣሎ)

ምድማይ ካብቲ ኖርማል ንላዕሊ ከቢድ እናኾነ እንተቐፂሉ ን መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ኣዘራርባ። ወይድማ ቅድሚ ክመፆ ዝግባእ መዓልቲ ምድማይ እንተጀሚርክን።

ሓደ ሓደ ደቂ ኣንስትዮ Kyleena® እንትጥቀማ ሙሉእ ብሙሉእ ወርሓዊ ፅግያ የቋርፃ። ኣብ ዝሓለፉ 6 ሰሙናት ምንም ምድማይ እንድሕር ዘየጋጢሙክን ጥንሲ ተፈጢሩ ከይኸውን እንድሕር ጠርጢርክን ናይ ጥንሲ ምርመራ ግበራ። እቲ ውፅኢት ኣሉታዊ እንድሕር ኮይኑ ካሊእ ጥንሲ ተፈጢሩ ከይኸውን ዘጠራጥር ነገር እንድሕር ዘይሃለዩ ተወሳኺ ምርመራ ክትገብራ ኣየድልየክንን። (ዕውልውል ምባል፣ ድኻም ወይድማ

ምልስላስ ጡብ) Kyleena® እናተጠቐምክን ወርሓዊ ፅግያ እንድሕር ኣቋሪፁ Kyleena® ምስ ወፀ ክቕፅል እዩ።

### Kyleena® ኣብ ናይ ፆታዊ ርክብ ህይወተይ ፅዕንቶ ከሕድር ድዩ?

Kyleena® ኣብ ማህፀን ምስ ኣተወ ወይ ንስኻን ወይድማ መፃምድኽን ዝተፈለየ ስምዒት ክህልወኩም እዩ።

# መፃኢኽን ምስ Kyleena®

### ናይ ምድማይ ከይዲ ክምዝግብ’ዶ?

ኣብ ምድማይ ዝተፈለየ ነገር ክትዕዘባ ስለትኽእላ ናይ ምድማይ ከይዲ ምምዝጋብ ፅቡቕ እዩ። እዚ ድማ ንመዋለዲ ወይድማ ሓኪም ብዛዕባ ሕሉፍ ናይ ምድማይ ታሪኽ ምስ Kyleena® ክፈልጥ ይገብሮ። ኣብ መወዳእታ እዚ በራሪ ወረቐት ናይ ምድማይ መቆፃፀሪ ክትረኽባ ኢኽን።

### ቆልዓ ክወልድ እንድሕር ወሲነ’ኸ?

Kyleena® ን5 ዓመት ጥንሲ ይከላኸል። ኮይኑ ግን መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ከውፅኣልክን ክትገብራ ትኽእላ ኢኽን። Kyleena® ምስወፀ ክትጠንሳ ክትፍትና ትኽእላ። ኣብ ክሊኒካለ መፅናዕቲ መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ ድሕሪ ምጥቃም Kyleena® ኣብ ውሽጢ 1 ዓመት ክጠንሳ ኽኢለን እየን። እዚ ድማ መከላኸሊ ጥንሲ ምስ ዘይጥቀማ ደቂ ኣንስትዮ ዘሎ ሬሾ ማዕረ እዩ።

# ክትጠንሳ እንድሕር

## ደሊኽን ኣብ እዋን ትልሚ ምጥናስ ክትዝክርኦ ዝግበረኣክን

ብሄራዊ ናይ ምግቢ ኤጀንሲ ስዊድን ከምዝሕብሮ ቅድሚ ጥንሲ በቢመዓልቱ 400 ማይክሮ ግራም ፎሊክ ኣሲድ ክውሰድ ኣለዎ፤ እዚ ድማ ድሕሪ ጥንሲ 12 ናይ መጀመርታ ሰሙናት ጥንሲ ክቕፅል ይግባእ። እዚ ድማ ኣብቲ ህፃን ካብ ስፓይናል ሀርንያ ይከላኸል። እኹል መጠን ፎሊክ ኣሲድ ኣብ እዋን ጥንሲ ኣድላዪ እዩ፤ ብመሰረት ናይ ኣዶ ናይ ደም ሴል ኣሰራርዓን ፎዬታል ዕብየትን። (ብሄራዊ ናይ ምግቢ ኤጀንሲ፤ ስዊድን 2018)

# ኣብ ኮይልስ ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

### **ኮይል እንትወስድ ታምፖን ክጥቀም ይኽእል’ዶ?**

እወ፤ ኮይኑ ግን ታምፖን እንትስሕባ ምስቲ ኮይል ዝተተሓሓዘ ክሪ ከይትሕዛ ተጠንቀቓ።

### **ኮይል ኣብ ዝኾነ ሰዓት ከውፅእ ይኽእል’ዶ?**

እወ መዋለዲት ወይድማ ሓኪም እቲ ኮይል ከውግደልክን ክትሓታ ትኽእላ፤ ኮይኑ ግን ድሕሪ ምውጋድ እቲ ኮይል ጥንሲ ክትከላኸላ ኣይትኽእላን።

## ኮይል ክወድቕ ይኽእል’ዶ?

ኮይል ብዉሱን ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ክወድቕ ይኽእል እዩ፤ ኮይኑ ግን ዝተለመደ ኣይኮነን። ናይ ደም ምፍሳስ ኩነታት ኮይል ቅድሚ ምጥቃምክን ናብ ዝነበረ እንድሕር ተመሊሱ፤ እቲ ኮይል ኣብ ማህፀንክን ብትኽክል ከምዝተቐመጠ ኣረጋግፃ። ምፍሳስ ደም ካብቲ ዝነበሮ ልክዕ ከይዱ ናብ ዘይስሩዕ ከይዱ እንድሕር ተቐይሩ፤ እቲ ኮይል ብዉሱን መልክዑ ወዲቑ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኮይል እንድሕር ወዲቑ ጥንሲ ክትከላኸላ ኣይትኽእላን። ፆታዊ ርክብ ካብ ምግባር ክትዕቀባ ወይድማ ኮንዶም ክትጥቀማ ኣለክን፤ ከምኡ እውን መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ኣማኽራ።

## ኮይል ከርጉደኒ ይኽእል’ዶ?

ወይ ናይ ሆርሞን ወይድማ ኮፐር ኮይል ክብደት የወስኹ እዮም።

## ኮይል ኣብ ማህፀን ምስኣተው እንታይ ዓይነት ኮይል ከምዝተጠቐምኩ ክፈልጥ ይኽእል’ዶ?

ናይ ጥዕና በዓልሞያ ኣብ መንገጎ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኮይል ዘሎ ኣፈላላይ ብኤክስ ሬይ ወይድማ ኣልትራ ሳውንድ ብምጥቃም ክፈልጥ ይኽእል። ኣፈላላይ ኣብ መንጎ ፕሮጀስቲን ኮይልን ብሩራማ ቀለበት (ካብ ኒኬል ነፃ) ከምኡ እውን Kyleena ድማ ሰማያዊ ክሪ (ቡናማ ኣብ ካሊእ ፕሮጌስቲን ኮይል) ኣለዎ።

## ኮይል ካብ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ክከላኸል ይኽእል’ዶ?

ኣይከላኸልን። ኮይል ካብ ዘየድሊ ጥንሲ ጥራሕ ይከላኸሉ። ን HIV AIDS ሓዊሱ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ኣይከላኸልን። ሆርሞናል ኮይል ምጥቃም ረብሓ ልዑል ምክልኻል ረኽሲ ይህብ። ኣብ ሙኮስ ብዝህልዎ ፅዕንቶ ንባክቴርያ ዘይስበር መከላኸሊ ብምኳን ኣብ ማህፀን ዝህሉ ረኽሲ ይከላኸል። ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምክልኻል ኮንዶም ክትጥቀማ ኣለክን።

## ብፆታዊ ርክብ ዝምሓላለፉ ሕማማት እንድሕር ተታሒዘ እንታይ ይፍጠር?

ኣብ እዋን ምጥቃም ኮይል ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ተታሒዝክን ክተኮና ከምትኽእላ እንድሕር ጠርጢርክን መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ኣዘራርባ። መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ክሳብ ትረኽባ ፆታዊ ርክብ ምፍፃም ክተቋርፃ ኣለክን።

## ቆልዓ ከይወለድኩ እናሃለኹ ኮይል ክጥቀም ይኽእል’ዶ?

ሆርሞናልን ኮፐር ኮይል ንመናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ይምከሩ። ቅድሚ ሐዚ ጠኒሰን ዘይፈለጣ እውን። ኣብ መናእሰይ (ኣብ ከባቢ ዓሰርተታት) ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ኮይል ናይ ምጥቃም ልምዲ የለን። ከም ምርጫ ኮይል ካሊእ ኣማራፂ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## እናጥቦብኩ እናሃለኹ Kyleena ክጥቀም ይኽእል’ዶ?

እወ Kyleena ትሑት መጠን ፕሮጀስትሪን ብምሃብ ኣብ እዋን ምጥቧብ ዝሰማማዕ እዩ። ምንም ዓይነት ኦዬስትሮጅን የብሉን። ፕሮጀስቲን ናብቲ ፀባ ይሓልፍ ኮይኑ ግን እቲ መጠን ብጣዕሚ ትሑት ብምኳኑ ኣብቲ ህፃን ኣሉታዊ ፅዕንቶ ኣየሕድርን።

## ኣብ መንጎ ምውላድ ኮይል ክጥቀም ይኽእል’ዶ?

እወ፤ ኮይኑ ግን ኮይል ድሕሪ ወሊድ ቅድሚ 6 ሰሙን ኣይኣቱን። ድሕሪ እዚ ዘተኣማምን ምክልኻል ክህብ ይኽእል። ብሓኪም ወይድማ መዋለዲት ሓገዝ ድሕሪ ምውጋድ ኮይል ኣብ ዝደለኽእንኦ እዋን ክትጠንሳ ትኽእላ።

## ኮይል እናተጠቐምኩ ክጠንስ ይኽእል’ዶ?

ሓደጋ ምጥናስ ኣብ እዋን ምጥቃም ኮይል ኣዝዩ ትሑት እዩ። ኮይኑ ግን ክፍጠር ይኽእል እዩ። ድሕሪ ምጥቃም

ሆርሞናል ኮይል ወርሓዊ ፅግያ ኣይረኣኽንን ማለት ጠኒስክን ኢኽን ማለት ኣይኮነን። ከምዝተፀበኽንኦ ወርሓዊ ፅግያ እንድሕር ዘይረእኽን፤ ኮይኑ ግን ጥንሲ ክኸውን ከምዝኽእል ምልክታት እነተረእኽን (ንኣብነት ዕውልውል ምባል፣ ድኻም፣ ናይ ኣጥቢት ምልስላስ) ብቕልጡፍ መዋለዲት ወይድማ ሓኪም ኣዘራርባ። እንድሕር ጠኒስክን እቲ ጥንሲ ካብ ማህፀን ወፃኢ ክፍተጥር ዝኽእል ሓደጋ ኣለዎ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ጥንሲ ካብ ማህፀን ወፃኢ ከምዝተፈጠረ ዘርእዩ ምልክታት እዮም።

- ወርሓዊ ፅግያ ኣቋሪፁ እናሃለወ ድንገት ምድማይ እንድሕር ኣጋጢሙ ከምኡ'ውን ቃንዛ እንተሃልዩ።
- ኣብ ከብዲ ኣብ ታሕተዋይ ክፍሊ ከቢድ ቃንዛ እንተሃልዩ።
- ስሩዕ ናይ ጥንሲ ምልክታት እንተሃልዮም ኮይኑ ግን ምድማይ ምድንዛዝን ስምዒት እንተሃልዩ።

*ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሓደ እንድሕር ኣጋጢሙክን ብቕልጡፍ ሓኪምክን ኣዘራርባ።*

## ልሙዳት ጎናዊ ፀገማት ምጥቃም Kyleena® እንታይ እንታይ እዮም?

ከም ኩሎም ናይ ሕክምና ውፅኢታት Kyleena እውን ጎናዊ ፀገማት ክህልዉዎ ይኽእሉ እዮም። ኮይኑ ግን ኩለን ተጠቀምቲ ኣየጋጥመንን። ተደጋገምቲ ጎናዊ ፀገማት (ካብ 10 ኣብ 1 ወይድማ ካብኡ ንላዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥም) ርእሲ ሕማም፣ ዘይስሩዕ ስቓይ፣ ፈፀጋ ወይድማ ወዛም ቆርበት።

## ኣብ ናይ ምምኻር እዋን ሓኪምክን Kyleena® ትጥቀማ ከምዘለኽን ንገራ።

Kyleena®, ኣብ ውሽጢ ማህፀን ዝቕመጥ መሳርሒ, 19.5 ሚሊ ግራም ሌቮኖርጀስተረል

ምልክታትመከላኸሊ ጥንሲ ጎናዊ ፀገማት ርእሲ ሕማም፣ ኣብዶሚናል ቃንዛ፣ ፈፀጋ ወይድማ ወዛም ቆርበት፣ ለውጢ ኣብ ስርዓት ምድማይ ግንዛበ/መጠንቀቕታ Kyleena ምስ ግንዛበ ዘለዎ መጠንቀቕታን ድሕሪ ምኽሪ ብበዓል ሞያ ክወፅእ ኣለዎ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ኣብ መጀመርታ እዋን እንድሕር ኣጋጢሞም፡ ከቢድ ርእሲ ሕማም፣ ማይግረይን ምስ ምርኣይ ምስኣን፣ ከቢድ ደም በዝሒ፣ ስትሮክ ወይድማ ናየ ልቢ ኢንፍራክሽን Kyleena ከእትዋ ዝደልያ ደቂ ኣንስትዮ ምልክታትን ሓደጋታትን ክፈልጣ ይግባእ። ቅደሚ ምእዛዝ ገምጋም እቲ መሳርሒ ኣብ Fass.se ብምእታው መከላኸሊ ጥንሲ መሳርሒ G02BA03 ምርኣይ ይከኣል። Rx. ንዝበለፀ ሓበሬታ ከምኡ እውን ዋጋ ናብ www.fass.se ብኻድ ምርኣይ ይከኣል SPC 2022-06-22.

Bayer AB, Box 606, 169 26 Solna, ቴሌፎን 08-580 223 00

PP-KYL-SE-0454-1 AUG 2022